# ፕሮግራም ቴክኒክ

ፍልጠት ተክኒክ ምስ ተገዳስነት ስነ-ጥበብን ቋንቋን'ዶ ክተጣምር ትደሊ?
ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ኣኽእሎኻ ኣብ ቦትኡ ከሎ፡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምውዳእካ፡
ብቐጥታ ስራሕ ክትሓትት ክትክእል ትድሊ'ዶ?
ብዛዕባ ብሕታዊ ትካል [ኣጀማምራን ኣተሓሕዛን] ክትምሃር ትድሊ'ዶ?
ኣብ ብዙሕ ሰራሕተኛታት ዝጥለበሉ መዳያት ፕሮግራም ተዋፊርካ ክትመሃር ትደሊ'ዶ?
እሞ ፕሮግራም ቴክኒክ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ቴክኒክ ብዛዕባ ካብ ንድፊ ጀሚርካ ክሳዕ ውዱእ ፍርያት ወይ ኣገልግሎት ዘሎ ቴክኒካዊ ምዕባለ ትመሃር። ብዛዕባ ኣወሃህባ ቅርጽን፡ ምልላይ ፍርያትን (ማርክናድስፎሪን) ትመሃር፡ ዝተፈላለዩ ፍርያት ኣብ ሰብን ከባብን ዘለዎም ጽልዋ ትርዳእ። ምዕባለ ቴክኒክ እንዳሓደረ ስለዝራቐቐ፡ ሓድሽ ቴክኒክ እንታይ መዓላ ከምዘለዎን፡ ስለምንታይ ከምዘድልን ምሕሳብ ኣገዳሲ'ዩ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ቴክኒክ ምስ ድላያት ተመሃሮ ኪተኻኸል ይኽእል'ዩ። እንተደኣ ተመሃሮ ፕሮግራም ቴክኒክ ናብ ቀጻሊ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ከቀራርቦም ደልዮም፡ ትምህርቶም ከተኻኽልዎ ይኽእሉ። ከምኡ'ውን እንተደኣ ተመሃሮ ፕሮግራም ቴክኒክ ናብ ስራሕ ከቀራርቦም ደልዮም፡ ነዚ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

ትምህርቲ ክትቕጽል መደብ እንተሎካ ወይ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ወይድማ ኣብ ኮለጅ ሞያ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ሽዑ ተክኒሻን በረራ ወይከኣ ቴክኒሻን መኪና (ቢልሲስተምተክኒክር) ክትከውን ትኽእል። እንተደኣ ኤስተቲካዊ ኣንፈት ፕሮግራም ቴክኒክ መሪጽካ ምናልባት ትምህርትኻ ኣብ ኮለጃት ስነ-ጥበብ ክትቕጽሎ ትኽእል ኢኻ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ቴክኒክ ዛዚምካ ክትረኽቦም ትኽእል ስራሓት ኣለዉ። ንኣብነት ከም ሸያጢ ኣቑሑ ወይ'ከኣ ከም ምኽሪ ዚህብ ክኢላ ተክኒክ ኮይንካ ክትሰርሕ ትኽእል። ኣብ ፋብሪካ ቴክኒክ ተቖጺርካ'ውን ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ተክኒክ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ተክኒክ ጥራይ ዚምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ኣብ ፕሮግራም ተክኒክ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት የለዉን። ኣብ ክንድኡ ግን ነፍሲ-ወከፍ ቤ/ትምህርቲ ናታ ኣንፈታት ፕሮግራም ከተውጽእ ዕድላት ኣለዋ። ከም ኣብነት ዚውሰዱ ኣንፈታት ፕሮግራም፡ ስነ-ቕርጺ (ፎርምቨኒን)፡ ቴክኒክ ሓበሬታ፡ ቴክኒክ መርበብ፡ ስነ-ህንጻ፡ ቴክኒክን ስራሕ ትካልን፡ ቴክኒክ መፍረ፡ ኮሙኒኬሽን፡ ኤለክትሮኒክን ቢዮቴክኒክን እዮም።

ቦታ ቐይርካ ክትመሃራ ትኽእል እተገድሰካ ፍልይቲ ኣንፈት ትምህርቲ ኣላ'ዶ፣ እሞ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወኪስካ፡ እታ ንስኻ ትመርጻ ኣንፈት ኣብ (ሪክስኢንታግ) እትውቲ ምኳናን ዘይምኳናን ኣረጋግጽ። እትውቲ እንተኾይና ትመርጻ።

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ኣብ ፕሮግራም ቴክኒክ ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) የለን። ግን ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከሎኻ ስራሕ ክትፍትን ኣኽእሎ'ሎ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤ/ትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓኻ ዚርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ። እዚ ርክብን ሌላን ናይ (ኣፑ) ኸኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ እትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ አሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ፕሮግራም ቴክኒክ ተማሂርካ ምስ ወዳእካ ጽቡቕ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል ኣሎካ፡ ብሕልፊ'ኳ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ እንተቐጺልካ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዝምረቑ ተክንሻናት ቁጽሮም ኣዝዩ ውሑድ'ዩ። ኣብ መላእ ዝርከባ ትካላት ክእለት ተክኒክ ዘለዎም ሰራሕተኛታት የድልየን'ዩ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image